lime. arts in health through innovation and creativity | Organ Donation | Manchester Foundation Trust Charity | NHS Manchester University NHS Foundation Trust

**እቲ ጻውዒት**

እዚ ዛጊት ንዝተገብሩ ወፈያታት ናይ ክፋል አካላትን ቲሹ (ኣካሊታት)ን ንምምስጋን ዝተዳለወ ስነጥበባዊ ስርሓት እዩ። ብተወሳኺውን ስድራቤት ኣብ ከቢድ ዘሕዝን ፍጻሜ እንከለዉ ንዝተጻወትዎ ተራ ከምኡ'ውን ንክእለታትን ልውሃትን ናይቶም ነዚ ተኣምር ክፍጸም ዝገበሩ ኣባላት ኤን ኤች ኤስ ዘመስግን እዩ። እዚ ስነጥበባዊ ስርሓት ብለሚ ኣርትስ ዝተመወለን ብገጣማይ ጆን ማክ ኣውሊፍ፣ ስነጥበባዊ ስቴፈን ራው ከምኡ'ውን ሊያም ከርቲን ምስ ወፈያ ዝገበሩ ስድራቤትን ኣባላት ኤን ኤች ኤስን ብምትሕብባር እዩ ተዳልዩ።

ኣብዚ ገጽ ናይ መርበብ፡ ነቲ ግጥሚ ብድምጺ ብጆን ማካዉሊፍ ንዝተነበበ ክትረኽቡዎ ትኽእሉ። ብተወሳኺውን እቲ ግጥሚ ናብ ቋንቋታት ኡርዱ፣ ዓርብ፣ ካንቶኒዝ፣ ኩርዲሽ፣ ቤንጋሊ፣ ፋርሲ፣ ትግርኛን ፖሊሽን ተተርጉሙ ክትረኽቡዎ ትክእሉ።

እቲ ፕሮጀክት ብትካል ግበረሰናይ ማንቸስተር ፋውንደሽን ትረስ ከምኡ'ውን ናይ ኤን ኤች ኤስ ቢ ቲ ትካል ማዕከን ወፈያ ክፋል ኣካላት ዝተመወለ እዩ።

ብዛዕባ ወፈያ ክፋል ኣካላት ዝያዳ ንምፍላጥ[www.organdonation.nhs](www.organdonation.nhs) ተወከሱ

ብዛዕባ ላይም ዝያዳ ንምፍላጥ [www.limeart.org](www.limeart.org) ተወከሱ

ብዛዕባ ማንቸስተር ፋውንደሽን ትረስት ወፈያ ንምግባር [www.mftcharity.co.uk](www.mftcharity.co.uk) ተወከሱ

እቲ ጻውዒት

1.

ስሙይ እንክጽዋዕ
ክሰምዕ ኣይከኣልኩን።
ክትመጽኡ ከለኹም ኣብኡ ኣይነበርኩን።
ግን `ቲ ዛንታ በዚ ኣየብቅዕን።

ተሳሒበ ነይረ፡ ኣብ ወጻኢ ደገ፡ ፍጹም ተዓዚረ
ዘልዕለኒ ዘይብለይ፡ ኣብ መዓርፎታት ተቖርቒረ
ልዕለይ፡ ነፋስ ኣሎ፡ ማይን ደበና`ሎ።
ተጸባዪ ኰይነ፡ ዘናዲ ዘልዕሎ።

2.
ኣብዚ'ሎ፡ ሸበድበድ መካይን፡ ኣውቶቡስን ኣጋር
ኣንፈት ንዝመርሕ ምልክት ዝስዕቡ
ንዝንቀሳቐሱ ካብ ህንጻ ናብ ካልእ
ኲልሳዕ ዘናጥር።

3.
ህያበይ ኣካል ናይዚ እዩ፡ ክፋለይ ዘይኰነ
ክፈልጦ ዝኽእል፡ ግን ክፋለይ ዘይኰነ

እቲ ዝህለወልኩም፡

ልቢ ንዝፈልጦ፡ ዝሕሉ ዘይኰነ
ብውሪሕሪሕ ብርሃን፡ ተላጋቢ መንደቕ
ብስቕታ ከብሕታት፡ ከምኡ'ውን ማዓጹ ባዕሉ ብዝንቕነቕ
ኣብ ሞንጎኦም ኰይኑ ሓደ'ሎ ዝድውል።

4.
ካልኦት ዘንታታት ይጽበዩ፡ ብኹምራኦም፡
ይጓዓዙ፡ ካብቲ ርሱዕ ቀጠሊያ ተበጊሶም
ናብቲ ክሰምዮ ዘይኽእል ቦታ
እናሰዓቡ መገዲ ተስፋ

ናብቲ ኲልኹም ትስዕብዎ፡ መኸዲ ንገዛኹም
ኣብቲ ከቢድ ንፋስ፡ ትተሓጋገዙ
ትኾኑሉ ጽቡቅ ኣብነት ንመቕርብኩም
` ዛ ዕለትዚኣ፡ ዘይጽንቀቓ መርሓባ።